ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሰቲት ሑመራ ንኣብያተ ፅሕፈት ከተማ ሰቲት ሑመራ ግልጋሎት ዝዉዕሉ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፡ ዝተፋላለዩ ሕትመታት ፡አቁሑት ፅሬትን ፡ካልኦት ሀለቅቲ ኣቁሑትን ፡ኤለክትሮኒክስ ፡ኮምፒተር ኣክሰሰሪ ፡ናይ ሞተርን መካይን ስፔር ወይድማ መለዋወጢ ኣቁሑተ ፡TVS ሞተርን ባጃጅ ሰለስተ እግራ ፡መፃሕፍቲን ፡ናይ ስፖርት ዕጥቅታትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 23, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 14, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ሰቲት ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 14, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ መፅሓፍቲን ትምህርታዊ መሳርሕታት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

ንዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት እተማልኡ ተወዳደርቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚርኩም ሰነድ ጨረታ ካብቲ ቤት ፅሕፈት ምዉሳድ ትክእሉ

- ናይዚ ዘበን ግብሪ ዝከፈልኩምሉ ንግዲ ፍቃድኩም ዉን ዘሐደስኩም ምካንኩም ናይ መረጋገፂ ዋናን ቅዳሕን ክተቅርቡ እትክእሉ
- ቲን ዝተመዝገብኩም ምካንኩም መረጋገፂ ምስክር ወረቀት ዋናን ምስዘይምለስ ቅዳሕ ክተቅርቡ ይግባእ
- በቲ ዘርፊ ኣቅረባይነት ዝተመዝገብኩም
- ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይድማ ቫት ተመዝገብቲ ዝኮንኩም
- ናይ ወርሒ ነሓሰ 2007 ዓም ዲክላራሽን ክተቅርቡ ይግባእ
- ተጫረቲ ንዞም ኣቁሑ ናይ 6 ወርሒ ዉሕስና ክህብ ዝክእል
- ተጫረቲ ናይ መክበሪ ዉሕስና ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ክተትሕዙ ይግባእ
- ተጫረቲ ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ብበዓልኩም መጋዕዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሰቲት ሑመራ ክተቅርቡ ይግባእ
- ተጫራታይ ዝጫረተሉ ዋጋ ኣብ ዝገዝኦ ዋናን ናይ ጨረታ ሰነድ መሊእኩም ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ብምግባር እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዘሎ 15 ተከታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልትታት ንዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳነዱቅ ምእታዉ ይከኣል
- እቲ ቤት ፅሐፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ 20 ሚኢታዊ ካብ ዉዕሊ ናይ ምዉሳክን ምቅናስን መሰል ኣለዎ
- ተጫረቲ ነቲ ጨረታ ንምዉሳድ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቢሮ ትልምን ፋይንናንስን ከተማ ሰቲት ሑመራ ክፍሊ ቁፅሪ 25 መፂእኩም ምዉሳደ ትክእሉ
- ናይቲ ጨረታ ዉሕስና ኣብ ሕድሕድ ሎት መደበኛ ሰነድ ጨረታ ገፅ 24 ኣብ ዝተዘርዘሩ ከትሕዝ ዝክእል ቤት ፅሕፈት ብዘዳለዎ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ብምምላእ ናይቲ ትካል ሕጋዊ ማህተም፣ ፊርማ፣ ኣድራሻ ፣ሽምን፣ ቁፅሪ ስልክን ዘይቅርብ ተጫራታይ ካብ ጨረታ ወፃኢ ይከዉን
- እቲ ተጫራታይ ኣብ ዝጫረተሉ ሰነድሓደ ዋና ክልተ ቅዳሕ ነንበይኑ ዘቅርብን ብተዋሳኪ ነንበይኖም ብዝተዓሸገ ኮይኖም ኣብ ሕድሕድ ፖስታ ናይቲ ትካል ሕጋዊ ማህተም፣ ፊርማ፣ ኣድራሻ ፣ሽምን፣ ቁፅሪ ብምግባር ሰለስቲኡ ብሓደ ዓብዩ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብቲ ዓብዩ ፖስታ ናይቲ ትካል ሕጋዊ ማህተም፣ ፊርማ፣ ኣድራሻ ፣ሽምን፣ ቁፅሪ ብምግባር ምቅራብ ዝክእል
- ናይ ዝገዝኦ አቁሑ ስፐስፊኬሽን ምስ ሰነድ ጨረታ ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ
- እዚ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ኣብ መበል 16 መዓልቲ ናይ ንጉሆ ሰሉስ ዕለት 14 ሕዳር 2008 ዓም ሰዓት 3 :00 ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 3 :30 ናይ ንጉሆ ሕጋዊ ተጫረቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት
- ናይዚ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ 45 መዓልትታት እዮ
- ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራታይ ዝሰዓሮ ንብረት አብ ዉሽጢ 15 ተከታተልቲ ማዓልትታት ከቅርብ ይግባእ
- ተጫረቲ ንዝወዳደርሉ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ እንተሃሊዎ ናይ ተጫራታይ ፊርማ ዘይብሉ እንኮይኑ ተቀባልነት የብሉን
- እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን በሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልዊ እዩ

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344480062/63 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle